The Jean Hailes *Foundation for women's health*

# ናይ ሽንት ስሚዒት ዘይምቑጽጻር/Urinary incontinence

## ሽንቲ ዘይምቑጽጻር እንታይ ማለት'ዩ?

እዙይ ኩነታ ካብ ፍሕኛ ምቑጽጻር ወጻዒ ዝፍጠር ፀገም ክኸውን እንከሎ ኣብ ኣውስትራሊያ ሓደ ሚሊዮን ዝኾኑ ሰባት እዙይ ፀገም ኣለዎም። መብዛሕትኡ ግዘ ሽንቲ ዘይምቑጽጻር ፀገም ክድሕን ዝኽእልን እሞ ነቲ ፀገም ብዝበለፀ ንምቕናስ ብዙህ ዝግበር ነገራት ከምዘሎ እዩ። እዙይ ጉዳይ ዘሕፍር ጉዳይ ስለዘይኾነ እሞ ዘተሓሳስብ ኩነታ እነሃልይኩም ምስ ናትኩም ሓለዋ ጥዕና ሓኪም ምዝርራብ ኣድላይ እዩ።

## ዓይነት ናይ ሽንቲ ዘይምቑጽጻር

ብጣዕሚ ልሙድ ዝኾኑ ከምቲ ዝስዕብ እዮም:

### *መጠንቐቕታ ሽንቲ ዘይምቑጽጻር/ Urge incontinence*

ጭዋዳ ፍሕኛ ብዘይመጠንቐቕታ ክጭበጥ እንከሎን እሞ እዙይ ንፍሕኛ በከፊልን ብምሉእ ሽንቲ ክመሉኽ እዩ። እዙይ ኩነታ ክፍጥር እንከሎ ብቕልጡፍ ሽንቲ 'ይመጽእ'፣ ግናስ ናብ ሽቓቕ ክሳብትበጽሕ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኸውን።

### *ውጥረት ሽንቲ ዘይምቑጽጻር/ Stress incontinence*

እዙይ ንሽንቲ ዝቆጻጸሪ ዋሕዚ ወይካዓ ነቲ ዋሕዚ ዝሸፍኖ ጭዋዳ ማለት ኣብ ጉሎ ዝተነጸፈ ጭዋዳ ክዳከም እንተሎ ዝፍጠር ፀገም እዩ። ብዙሕ ክትጭነቕ ንኣብነት ኣካላዊ ምንቕስቃስ ክትገብር እንከሎ ሽንቲ ክመሉኽ ይኽእል ዩ።

### *ካብ ዓቕን ንላዕሊ ብምኧን ሽንቲ ዘይምቑጽጻር/Overflow incontinence*

ፍሕኛ በደንቢ ዘየውጽኦ እነተኾይኑ፣ ብጣዕሚ እንተመሊኡ ይሞሉቕ ውይካዓ ብምንጥብጣብ ነዙይ ጸገም ምክንያት ይኸውን። እዙይ ብናይ ጭዋዳ ፍሕኛ ብደንቢ ዘይምጭባጥወይካዓ ብሓደሓደ ፈውሲታት ዝመጽእ ፀገም ይኸውን። እዙይ'ማ ብሓያል ድርቀት ክገድድ ይኽእል እዩ።

### *ሽንቲ ጠጠው ክብል ዘይምቑጽጻር/ Continuous incontinence*

እዙይ ብዘይምቑራጽ ሽንቲ ምፍሳስን እሞ ኣሞንጎ ፍሕኛን ርሕሚ ነኳል እንተሃልዩ ዝመጽእ ፀገም ይኸውን።

### *ምድግጋም/Frequency*

እዙ ኣብ ማዓልቲን ለይቲን ብዙሕ ግዘ ብተደጋጋሚ ሽንቲ ክመጽ እንከሎ እዩ። ምስብዙሓት ናይ ሽንቲ ዘይምቑጽጻር ጸገማት ክተሓሓዝ ይኽእል፣ ይኹን እምበር ብዘይ ዘይምቑጽጻር ክመጽእ ይኽእል እዩ።

### *ሽንቲ ዘይምቑጽጻር ምክንያታት/ Causes of incontinence*

ዕድሚኣን ኣባይ ዝኾና ደቂኣንስቶ ካብዙሕ ጥንሲ፣ ቆላዓ ምውላድ፣ ክብደት ምውሳኽ፣ ካብቃንዛ ድርቀት፣ ሓያል ሰዓል፣ ብዙሕ ግዘ ከቢድ ነገር ምልዓል፣ ካብ ሽኮርያ ሕማም፣ ኦፕሬሽንን ብድሕሪ ጽጊያ ጠጠው ምባል ለውጢ ዝመጽእ ናይ ጎሎ ጭዋዳ ምዝርጋሕን ምድኻም ክፍጠር ይኽእል — ብፍላይ'ድማ ብናይ ዋሕዲ oestrogen ይኸውን።

## መከላኸሊ

- ኣብ መዓልቲ ካብ ሽድሽተ ክሳብ ሸሞንተ ብርጭቆታት ፈሳሲ ምስታይ።
- ቡን፣ ሻይን ኮካ መስተያት ምቕናስ እዩ።
- ናብ ሽንቲ ድገን ማይዘይምውጣጥ -ድቅት ከይመጽእ ምክልካል።
- ብዙሕ ግዘ ኣካላዊ ምንቕስቃስ ምድባር።
- ጡዑይ ዝኾነ ክብደት ክህልው ምግባር እዩኡ።

The Jean Hailes Foundation for Women's Health

*Education Unit*
PO Box 1108, Clayton South,
Victoria, Australia 3169

173 Carinish Road, Clayton,
Victoria, Australia 3168

ACN 092 915 618

*tel* (03) 9562 6771
*toll-free* 1800 151 441
*fax* (03) 9548 9120
*email* education@jeanhailes.org.au
*web* www.jeanhailes.org.au

# ናይ ሽንት ስሚዒት ዘይምቁጽጻር/Urinary incontinence

## ሕክምና

### *ናይ ጉሎ ባይታ ምንቅቓሳት/ Pelvic floor exercises*

ናይ ጉሎ ባይታ ጭዋዳታት ንምጥንካር ብዘይምቁራጽ ምንቅስቓስ ብምግባር ንናይ ሽንቲ ዘይምቁጽጻር ፀገም ምቕናስ ይኻኣል እዩ።

*ባይታ ጉሎ ብኸመይ ክተጠናኽርዎ ክምትኽእሉ*

- ምድቃስ ወይካዓ ከምዝምቸው ገርካ ኮፍ ምባል።
- ኣብ ከባቢ መሃንቱስ፣ ርሕሚን ንሽንቲ ካብ ፍሕኛ ዘመላልስ ሽምብቆ ዝርከብ ጭዋዳ ክግተር እንከሎ ናብ ላዕሊ ሓፍ ንምግባር ምፍታን።
- ሓፍ ኣቢልካ ምሃዝን ቐስ ኣቢልካ ክሳብ ሃሙሽተ ምቑጻር ብድሕሪኡ'ድማ ምዝንናው።
- ንሓሙሽተ ግዘ ብምቑጻር እረፍቲ ምግባርን ካልኣይ ምፍታን።
- ክሳብ ኣሰርተ ግዘ ምድግጋም፣ ን10 ጊዜ ምቑጻር፣ ብድሕሪኡ 10 ግዘ ብምቑጻር እረፍቲ ምግባር።
- እረፍቲ፣ ካብኡ'ድማ ብጣዕሚ ብምጽቓጥ ክሳብ ኣሰርተ ግዘ ምድግጋም ….. ብዝተኻኣለ መጠን ብጣዕሚ ምጽቓጥ ብድሕሪኡ ምግዳፍ።

### *ንፍሕኛ ምልምማድ/Bladder retraining*

እዙይ ፍሕኛ ዝበለፀ ብዙሕ ሽንት ማይ ክሕዝ ክእለት ክመሓያየሽ ይገብር እዩ። ቐልጢፈን ንዝሸና ወይካዓ ሽንት ዘይምቁጽጻር ምልክት ንዘለዎን ደቂኣንስቶ ጠቓሚ እዩ።

*ምልምማድ ፍሕኛ ብከመይ ክምዝግበር:*

- ኣብ መዓልቲ ሽድሽተ ወይካዓ ሸሞንተ ቡጭቆታት ማይ ምስታይ (ኣልኮሆልን ካፌንን ዘይምውሳድ)።
- ናብ ሽቕቕ ንምኻድ ንሓሙሽተ ደቒቕ ዝኸውን ምድንጓይ፣ ብድሕሪ ሰሙናት ብምጽናሕ ነቲ ግዘ ናብ 15 ደቒቕ ወይካዓ ዝበለፀ ደንኩሕኻ ምኻድ።
- "ብጥርጣረ" ናብ ሽቓቕ ዘይምኻድ— ሽንቲ ክመጽእ እንተሎ ጥራይ ምኻድ።
- እዙይ ብጣዕሚ ግዘ ዝወስድ ኣሰራርሓ ክኸውን ይኽእል — ስለዙይ ንናትኩም ፍሕኛ እንዳለማመድካ ምጽናሕ የድሊ እዩ።

### *ዕቤት ኣበራባሪ ሕክምና/Hormone therapy*

ድሕሪ ጽጊያት ጠጠው ምባል ናይ ሽንት ዘይምቑጽ ጻር ፀገም ክገድድ ይኽእል ምክንያቱ ንጥንሲ ዘድሊ ፈሳሲ ውሽጢ ኣካል (oestrogen) ስለዝሓጽር እዩ። ንውሽጣዊ ፈሳሲ ኣካል (oestrogen) ሕክምና ከምዕቤት ኣበራባሪ ሕክምና ወይካዓ ክሪም ብምልካይ ወይካዓ ኣብሕርሚ ውሽጢ ወይካዓ ከባቢ መሸኒ ኪኒና ምእታው ክሕግዝ ይኽእል። እቲ ፀገም ዘይማሓየሽ እንተኾይኑ ናብ ፍሉይ ሓኪም ክትመሓላለፍ የድሊ ይኸውን።

## ሽንት ንዘይቆጻጸር ሓገዝ/ደገፍ/ Incontinence aids

መደበኛ ዝኾነ ሕይወት ንምምራሕ ናይሽንቲ መቐበሊን መኻድንቲን ክሕግዝ ይኽእል እዩ። እዞም ኩነታት ምስናይ ሓለዋ ጥዕና ሓኪም፣ ባይታ ጉሎ ደራዚን/ physiotherapist ፋርማሲስት ምዝርራብ እዩ።

## [illegible] መረዳእታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?

www.jeanhailes.org.au
www.healthforwomen.org.au
www.continence.org.au - National Continence/ሃገራዊ ናይ ሽንት ዘይምቑጽጻር ስሚዒት ብስልኪ ሓገዝ መስመር 1800 33 00 66

**This resource was developed with the support of the Besen Family Foundation and the Australian Department of Health and Ageing**

**March 2008**